# እቲ ግብረ-ሽበራዊ ኩናት

## ብገብረ ፍስሓጽዮን

እዞም ናይ ኤርትራ ተጻባእቲ ዝበሃሉ ባእታታት ጠፊሾም ግዱ ኮይኖም፣ ኣብዚ እዋን`ዚ ካብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ናብ ግብረ ሽብራዊ ኩናት ዝተሰጋገሩ ኢዮም ዝመስሉ ዘለዉ። እዚ ድማ ካብ ቐቢጸ ተስፋ ዝተላዕለ ኮይኑ ኣብ ኣዋሳ፣ ፍንፍኔ፣ ከምኡዉን ኣብ ደብረ ዘይቲ ገለ ካብ ከተማታት ኢትዮጵያ ተሓንጺጹን ተሳኢሉን ዝመጸ ትእዛዝ ብምኳኑ፣ ነዚ ግብረ ሽበራዊ ተግባራት ክፍጽሙ መታን ልኡኻትን ዕሱባትን ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ከትግብሩ ከም ሓድሽ ፋሽን ገኒኑ ንርእዮ ዘሎና።

ሕማቕ ግብረ- ሽበራ ወይ ክኣ ጽቡቕ ግብረ-ሽበራ ዝብሃል ነገር የልቦን። ንኡሽተይ ትኹን ዓባይ ትኹን ኩሉ እከይ ግብሪ ዘበለ ሓደ ዓይነት ኢዩ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኣቲኻ ዲኻ ናይ ፕረዚደንት ኣብ መንደቕ እተሰቕለ ስእሊ ትሰብር ወይ ኣብ ዕዳጋ ኣቲኻ ቦምቢ ሒዝካ ፈንጅርካ ሰለማውያ ሰባት ትልክም ወይ ክኣ ኣብ ጎደና ኣድቢኻ ጸንሕካ ነኣዴታት ከቲርካ ሽልማትን ትምንጥል፣ ብትርግሙ ሰለስቲኡ ብኩሉ መልክዑ ሓደ ዓይነት ናይ ግብረ ሽበራ ተግባራት ኢዩ። ካልእ ትርጉም ክዋሃቦ እይካኣልን ኢዩ።

ስለምንታይ ኢዩ ኣብዚ እዋንዚ ዝተፈላለየ ናይ ግብረ ሽበራ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ኤርትራዊያን ገኒኑ ዝርአ ዘሎ። ቀዳማይ መኽንያት እቲ ንልዕሊ 12 ክልተ ዓመት ክጽዕርሉ ዝጽንሑ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ክቝጻጽርዎ ፈቲኖም ምኽኣል ምስ ኣበዮም ተስፋ ብምቑራጽ ናብዚ ኢከይ ግብሪ ሽበራዊ ተገባራት ዝሰጋገሩ ዘለዉ።

እቲ ካልኣይ መኽንያት ድማ ነቲ ኢርትራዊ ኣብ ሃገሩ ዝካየድ ዘሎ ናይ ልምዓት መደባት ወፍሪ ንኸይገብር ምዕንቃፍ ኢሉ ዝተማህዘ ምኳኑ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ኣይኮነን። ረብሻ ብምፍጣር ከምዝፈርሕ ገርካ ኣብ ወፍሪ ከምዘይሳተፍ ንምግባር ዝዓለመ ኢዩ። ኢዚ ድማ ከምቶም ዝሓለፉ ሽርሕታት ዝበለዩ ምስ ኣረገ ክድርበይ ምኳኑ ንክሉ ርዱእ ኢዩ።

እብዚ ሓደ ሕቶ ክልዓል ዘለዎ ነገር ኣሎ። እዚ ድማ ስለምታ እዚ ኩሉ ተጻብኦታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ? ንኤርትራ ከመይ ገርካ ኣንበርኪኽካ ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ከይትኸዉን ኢዩ ኢቲ ቐንዲ ዒላምኦ ዝነበረ። እዚ ብዝተፈላለዩ ባእታታት ክናፈስ ዝቐነየ ናይ ሓሶትን ጸለመን መናውራ ሽሕኳ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ እንተኾን እቲ ቐንዲ መበገሲኡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መንግስትን ኤርትራ ናይ ምድኻም ሽርሕታት ክገብርዎ ዝጽንሑ ፈቲኖም ስለዝፈሸሎም፥ ዓውዓውታን ረብሻን ብምፍጣር ገለ እንተተመሰሎሎም ኢሎም ዝሃቀንዎ ኢዩ ነይሩ ክብሃል ይክኣል።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘድንቁ ዝብሃሉ ናይ ልምዓት መደባትን ወተሃደራዊ ፍጻሜታት ዝተኻይዱ ክነሶም፣ እዝኒ ሂበነኦ ዘይፈልጣ እዘን ናይ ምዕራብ ማዕከናት ዜና ዝብሃላ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈብረኸ ጽውጽዋይ ከዘንትዋ ግን ከኹዱዳን ክስዕስዓን ተራእየን ኢየን። እዚ ክኣ ሕልሞም ኮንቲ ኮይኑ ልክዕ ከምቲ ንዝተፈላለዩ ገዛእቲ ኤርትራ ጽሓዮም መሬት ብእዋኑ ዝዓረበቶም ሕጂዉን ዳግም ጸሓዮም ክትዓርቦም ኢያ።

ኣብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመት ሰለስተ ናይ ዲሞክራሲ መሰረትዊያን ነገራት ኣብ ግብሪ ተሰሪቶ ኢዩም። ንሳቶም ድማ፥

<u>ቀዳምይ</u>፥ ሰላም ወይ ርግእት

<u>ካልእይ</u>፥ ሓድነት ወይ ሃገራዊ ስኒት

<u>ሳልሳይ</u>፥ መነባብሮ ህዝቢ ምምሕያሽ

<u>ሰላም ወይ ርግኣት</u>። ኤርትራ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ እታ እንኮ ዝተረጋግአትን ሰላም ዝሰፈናን ሃገር ምዃና ዓለም ብዓለሙ ዝምስክሮ ኢዩ። 80 ካብ ሚእቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገጠር ኢዩ ዝነብር። ገጠራት ኤርትራ ብዘይ ወተሃደራዊ ፖሊስ (ኣኽበርቲ ጽጥታ) ጸጥተአን ሓልየን ባይቶእን ተኺለን ወከልተን መረጸን ይመሓደራ። እምበር ከምዚ ኣብ ከባቢና ንርእዮ፣ ዲሞክራሲ ማለት ምርጫ ገርካ ብጎዞሞ ምትሕርራድ ማለት ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ኣምር ናይ ዲሞክራሲ ህዝቢ ሰላምን ርግእትን ክረክብ ክኽእል ኣለዎ።

<u>ሓድነት ወይ ሃገራዊ ስኒት</u>። ኣብ መንጎ ብሄራትን ዝተፈላለያ ሃይማኖት ኤርትራ ድልዱል ዝኾነ ስኒት ኣለውን። ሓደ ልቢ ሓድ ህዝቢ ዝተባህለ ድማ ካብ ዜሮ ተላዒሉ ኣይኮነን። ንዘመናት ናይ ኤርትራ ሃይማኖታት ነንሕድሕደን ተኸባቢረን ክነብራ ከምዝጸንሓ ታሪኽ ዝምስክሮ ኢዩ።

<u>መነባብሮ ህዝቢ</u>። ዲሞክራሲ ማለት በቲ ዝቐለል ኣገላልጻ ህዝቢ መሰረታዊ መሰላቱ፣ ማለት ጽሩይ ማይን መጽለል ገዛን ክረክብ ኣለዎ፣ ከምኡውን ካብ ጥምየትን ዓጸባ ነጻ ክኸውን ኣለዎ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፣ ልዕሊ 80 ካብ ሚእቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገጠር ኢዩ ዝነብር። ነፍሲ ወከፈ ሰብ ድማ ናይ ገዛእ ርእሱ ገዛን ዝሓርሶ መሬትን ይውንን። ብተወሳኺ መንግስቲ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ክብገሮ ዝጸንሐ ጻዕሪ እዉን ኣብ ነፊ ወከፍ ዓዲ ጽሩይ ማይ፣ ናይ ጥዕና መወከሲ ማእከላት፣ ቤት ትምህርት ከምኡውን ጽርግያታት ከተኣታቱው ጸኒሑ ኢዩ። ብዝያዳ መነባብሮ ናይ ህዝቢ ንምምሕያሽ እቲ ጻዕሪ ቐጻሊ ኢዩ። ነጻ ካብ ዝወጻ ሓምሳ ዓመት ዝገበራ ሃገራት ከተግብርኦ ዘይከኣላ፣ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ዓመት ነዚ ኩሉ ከተሰላስሎ ዝኸኣለት ናይ ዓለምና ማዕከናት ዜና ክጭድራ ኢዩ ዝግብአን ነይሩ፣ ግን ብግብላጡ ዝተፈብረኸ ሓሶት ዛንታ ብዛዕባ ኤርትራ ዘቃልሓ ዘለዋ። ንኣብነት፣ ቅድሚ ሒደት መዓልቲታ እዞም ባእታታት ኣልጀዚራ ቴሌቪዥን ካብ ኤርትራ ተኸሊካሊ ዝብል ወሬ ዘርጊሖም ነይሮም፣ ግን ናይ ሳልስቲ ጽውጽዋ ኮይኑ ተሪፉ። ኣመል ምስ መግነዝ ከም ዝብሃል ኣብ መጻኢ ተመሳሳሊ ዛንታ ክንሰምዕ ኢና።

ብዝኾነ ገለ ካብ ናይ ተፈኖ ደርፊ ሒላለይ ብምጥቃስ ክዛዝም፣

ዓቐበት ሰትየዮ ሒላለ መመሪሩ
ዓቐበት ወጽየዮ ሒላለ ተተሪሩ
ቀንኣት ጃጀውቲ ዝበሉ እንተበሉ
ፍቕረይን ፍቕርኽን ዓሙቕ ኢዩ መትከሉ

ሒለለ ...          ሒለለ ....
ምእንታይ ትነብሪ     ምእንታኺ ይነብር

ዓወት ንሓፋሽ

ገብረ ፍስሓጽዮን
ሆላንድ